## ምዝዛም ዓመተ ትምህርቲ 2016-2017 ካቶሊካዊ ተቕዋመ ንባበ መለኮት ኣሥመራ

ካብ ዝምሥረት መበል 52 ዓመቱ ኣቑጺሩ ዘሎ፣ ካብ ኩለን ሰበኻታትን ማሕበራትን ንዝመጹ ተመሃሮ ብፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ዘድልዮም ትምህርቲ ኣጽጊቡ፣ በብዓመቱ ልኡኻት ወንጌል ካህናት ናይ ዝተፈላለያ ማኅበራት ዘፍሪ ዘሎ ካቶሊካዊ ተቕዋመ ተሎግያ፣ ነቲ ብመስዋዕተ ምስጋና ዝጀመሮ ዓመተ ትምህርቲ 2016-2017 ብምስጋና ንምዝዛሙ፣ ዝሓለፈ ቀዳም 24 ሰነ ብማኅሌት ዝጀመረ መደብ ቀጺሉ ብብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መግሥተኣብ ተስፋማርያም ምስ ዓበይቲ ኣሕሉቕ ገዳማት ዝተመርሐ፣ ተመሃሮ፣ መማህራን፣ ኣባላት ቤትጽሕፈትን ሓለፍቲ ስነ-መዕበያን ዝተሳተፍዎ መስዋዕተ ቅዳሴን ዝሰዓበ ካልእ መደባትን ናይ ሎምዘመን ዓመተ ትምህርቲ ዛዚሙ።

ድሕሪ ንባብ ቅ.ወንጌል ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት ናይ ሓደ ዓመተ ጉዕዞ ትምህርቲ ክንዛዝም ስለ ዘብቅዓና ንኣምላኽ ኣመስጊኖም። ካብ ወንጌል፣ ታሪኽ እቲ ሃብታም መንእሰይ ንኢየሱስ ኣታ ሕያዋይ መምህር ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክወርስሲ እንታይ እግበር? ቢሉ ምስ ሓተቶ ኢየሱስ ዝሃቦ ምላሽ ጠቒሶም ድሕሪ ምግላጽ፣ እዚ መንእሰይ ኩላትና ኢና፣ ካብኡ ብዙሕ ኢና ንመሃር ኢሎም።ቀጺሎም ከኣ ናይ ስነ-ልቦና ኪኢላ ዶ/ር ቶልተን ፍራንክን ትርጉም ዘለዎ ሕይወት ክትነብር ዘድልያ ስለስተ ነገራት ቢሉ ዝምህረን ማለት ክትመርጽ፣ እትዛመድ፣ ክትዓቢ ክትሳቀ ኣሎኻ ንዝብለን ነጥቢታት በብሓደ እንኪገልጹ፣ ኩሉ ማዕጾ ርሑው ክንገድፎ የብልናን፣ ነቲ ዘድልየናን ዝጠቕመናን ሓደ ምርጫ ግድን ክንመርጽ ኣሎና። ከምኡ ከኣ ዝምድና ማለት ምስ እግዚኣብሔር ዕርክነት ምስ ብጻይና ከኣ ሕውነት የድልየና። ክትዓቢ ከኣ ክትሳቀ ኣሎኻ። ክትዓቢ ክትከፍሎ ዘሎኻ ነገር ኣሎ፣ መንፈስ ተጋድሎ፣ ተወፋይነት፣ ጽሞና የድሊ። ተመሃሮ ጽባሕ ንኩሎም ዓበይትን ናኣሽቱን ብዝግባእ ነፍሳት ክትንሰዩ፣ ሕጂ ብሓቂ ከተጽንዑ፣ ምስ መማህራን ጽቡቕ ዝምድና ክሕልወኩም ይግባእ ኢሎም።

ኣብ ኣዳራሽ ኣብ ዝቐጸለ መደብ ከኣ ኣካያዲ እዚ ተቕዋመ ትምህርተ መለኮት ኣባ ኣብርሃ በኸሩ ኸማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ፣ ኣብ ዘቕረብዎ ዓመታዊ ጸብጻብ ህሉው ኩነታት ትምህርቲ፣ ኣበርክቶ መማህራንን፣ ህሉው ኩነታት ተመሃሮ ከምኡœውን ኣብዚ ዓመት ፍልጠት ንምምሕያሽ ዝተገብረ ስራሓት ብሰፊሑ ገሊጾም። ኣባ ኣብርሃ ኣብ ጸብጻቦም ንተመሃሮ ብቛንቛን ብናይ ኣጻናንዓ ሜላን ንምሕጋዝ፣ ከምኡœውን ምሕያል ተመሃሮን መማህራንን ዝጥቐመሉ ዲጂታል ቤተ መጻሕፍቲ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ፣ ምስኡœውን ኣብዚ ዓመቲœዚ ተመሃሮ ንግደት ንእምባትካላ ከም ዘካየዱን ተወሳኺ መነቃቕሒ ትምህርቲ ብዛዕባ ሞራልን ሰብከተ ወንጌልን ከም ዝተዋህቦምን ብምሕባር፣ በቲ ኣቐዲሙ ዝወጸ መደባት መሰረት ቀዳማይ ኮነ ካልኣይ መንፍቕ ዓመት ብጽቡቕ ከም ዝተዛዘመ ወህደትን ሲኒትን ብዝመልኦ መብገዲ ከም ዝተኻዕዙ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ እዚ መደብ ድማ እቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ትምህርቶም ብጽቡቕ ነጥቢ ዝወድኡ ካብ ኡርባኒያና ዩኒቨርስቲ ዝተላእኸሎም ናይ B.A ምስኽር ወረቐቶም ካብ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ተቐቢሎም እቲ መደብ ብጸሎት ተዛዚሙ።

### ዓውደ ዘተ-ፍሉይ ሕጊ

ቀዳም 24 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ መንበረ ጵጵስና፣ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፣ ካህናት ኣሕሉቕ ማሕበራት፣ ቆሞሳት ዝተሳተፍዎ ብዛዕባ ፍሉይ ሕጊ (Particular law) ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ኣብቲ መደብ ምሁር ሕገ- ቆኖና ክቡር ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ብዛዕባ ምምሕዳር ቤተክርስቲያን፣ ኩስኮሳ ጸዋዕታ ካህናት፣ ግቡእን መሰልን ካህናት፣ ሰብ ውፉይ ሕይወት፣ ሰብከተወንጌል፣ ምስጢራት፣ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝምልከት ሕገ ቆኖናዊ ኣስተምህሮ እንከቕርቡ፣ ተሳተፍቲœውን ኣብ ዝቐረበ መዛተዪ ነጥብታት ብሓባር ዘትዮም።

### ዝኽረ በዓል ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት

ሰንበት 25 ሰነ ዝኽረ በዓል እቶም ሕይወቶም ብምኽፋል ቛንቛና እናተዛረቡ፣ መግብና በሊያም፣ ክዳንና ተኸዲኖም፣ ዝወለዱና ናይ እምነት ኣቦና፣ ቅዱስ ያዕቆብ ኣብቲ ዓጽሞም ተዓቂብሉ ዘሎ ገዳም ሔቦ ብዓቢይ ክብርን መንፈሳውነትን ከምዝተነግደ ዝፍለጥ ኢዩ፣፣ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረትœውን ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ እዋን ስብከት ብዛዕባ መንፈሳውነትን ሓዋርያውነትን ቅዱስ ያዕቆብን ድሕሪ ገሊጾም፣ እቲ ዕለት በዓል ቅዱስ ያዕቆብ ንኣኦምœውን ኣብ ማሕበሮም ብ25 ሰነ 1973 ዓ.ም መጀመርያ መብጽዓ ዝፈጸምሉ 25 ሰነ 2001 ዓ.ም ከኣ ብርእሰ ሊቃነጳጳስት ቅዱስ የሓንስ ጳውሎስ ዓለማዊ ብጵጵስና ንቤተክርስቲያን ከገልግሉ ዝተሠየምሉን ዕለት ብምኻኑ ብፍሉይ ከም ዝዝክርዎ ገሊጾም።





# ብሥራት

ሰነ 2017 ዓ.ም.ፈ ኀታም ቍ.113 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

## መንፈስ ቅዱስ ኀይታን መድኃንን ወሃቢ ሕይወትን

### መልእኽቲ (ኣስተምህሮ) ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ንዘመነ ጰራቅለጦስ

መ፣ ንዓ መንፈስ ቅዱስ ወምላእ ውስተ ልቦሙ ለእለ
የኣምኑ ብከ፣ ወእሳተ ፍቅርከ ኣንድድ ውስቴቶሙ፣
መ፣ ፈኑ መንፈስከ ወይትፈጠሩ
ተ፣ ወትሔድስ ገጻ ለምድር
መ፣ ንጸሊ፣፣

ኦ ኣምላኽ ዘትሜህር ልበሰብእ በብርሃነ መንፈስ ቅዱስ፣ ረስየነ ከም ናእምር በዝንቱ መንፈስ ኵሎ ነገረ ርቱዓ ወንትፌሳሕ ወትረ በፍስሓ ዚኣሁ፣ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ፣፣ ኣሜን፣፣



ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ እምነታ ክትገልጽ ከላውን እግዚእ ወሃቤ ሕይወት¡ ብምባል መንፈስ ቅዱስ ምንጭን ወሃብን ሕይወት ከምዝኾነ ትኣምን፣፣

1. መንፈስ ቅዱስ ኣብ ብሉይ ኪዳን

ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ቀዳማይ ምዕራፍ ጉልቅ ሓደን ክልተን ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ፣፣ ምድሪ ቅርጺ ዘይብላ ባዶ ነበረት፣፣ ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ብማዕበል ዚናወጽ መዓሙቕ ባሕሪ ሰፊኑ ነበረ፣፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝምቢ ነበረ¡ (ዘፍ.1፣1-2) ዝብል ነንብብ፣፣ እዚ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መጀመርታ ፈጣርን ወሃብ ሕይወትን፣ ወሃብ መልክዕን ቅርጽን ከምዝኾነ የረድኣና፣፣ ብርሃን፣ ከዋኽብቲ፣ እንስሳ፣ ደቅሰብ ክፍጠሩ ወይ መልክዖም ክለብሱ ከለው ንሱ ዓብይ ተራ ከምዝነበሮ የረጋግጸልና፣፣

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ብቤተክርስትያን ዝድገም ሓጺር ጸሎት ከኣ ካብ መዝሙር 104 ዝተበገሠ እዩ፣፣ እቲ መዘምር፣ ኣብ ጉልቅ 29-30 ብዛዕባ ፍጡራን ምስ እግዚኣብሔር ክዛረብ ከሎ፣ ንስኻ ገጽካ ምስ ከወልካ ይስምብዱ፣ እቲ ዝሃብካዮም ትንፋስ ምስ ወሰድካ ይሞቱ፣ መሬት ስለዝኾኑ ናብ መሬት ይምለሱ፣፣ ትንፋስካ ኡፍ ምስ በልካሎም ግና ይፍጠሩ፣፣œ ንገጽ ምድሪውን ተሕድሳ¡ (መዝ.104፣29-30) እናበለ መንፈስ እግዚኣብሔር ምንጪ ሕይወትን ተሓድሶን (ዳግም ፍጥረት፣ ዳግም ልደት) ከምዝኾነ ኣነጺሩ ይገልጽ፣፣እዚ ከኣ ነቲ መልክዕ ዘይነበሮ ፍጥረት ብመንፈስ ቅዱስ በቦትኡን መመልክዑን ኣትሒዝካዮ ማለት እዩ፣፣

ቀዳማይ ፍጥረት ብኃጢኣት ምኽንያት ስለዝተበላሸወ ነቢያትውን ነዚ ምሕዳስ ደቂ ሰብን መላእ ፍጥረትን ተነቢዮምሉ እዮም፣፣ ተሓድሶ እንደገና ዝተፈጥረ፣ ዳግም ልደት ዝረኽቦ ማለትœዩ። ከም ሰብ ገለ ወገንና ይአርግ ይደክም፣ ስለ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ግና የሓድሶ፣ እግዚኣብሔር ዝፈጠሮ ፍጥረትœውን ክሕደስ ኣድልዩዎ፣፣

ንኣብነት ኢሳይያስ ነቢይ ኣብ ምዕራፍ 43 እንሆ ሓዲስ ነገር ክገብር እየ፣ ሕጂ ትበቍል ኣላ፣ ኣይትለልዩዋንዶ ኢኹም? እወ መንገዲ ኣብ ምድረ በዳ፣ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ክገብር እየ፣ እቲ ዝሓረኽዎ ሕዝበይ ምእንቲ ኪሰቲ፣ ማይ ኣብ ምድረ በዳ፣ ወሓይዝœውን ኣብቲ ምድሪ ኣጻምእ ክህብ እየ እሞ፣ እንስሳ መሮር ኬመስግኑኒ፣ እኒ ወኻርያን ሰገንን ከኣ ኬኽብሩኒ እዮም፣፣ እቲ ንኣይ ዝደኰንኩዎ ሕዝቢ ምስጋናይ ኬዘንቱ እዩ¡ (ኢሳ.43፣19 -21) ይብል፣፣ ኣብ መጽሓፍ ኢዮኤል እውን ብድኅርዚ መንፈሰይ ናብ ልዕሊ ኵሉ ሰብ ክኽዑ እየ፣ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፣ ኣረገውትኹም፣ ሕልሚ ኪሓልሙ፣ ኣጕባዝኩም ከኣ ራእዪ ኪርእዩ እዮም፣፣ በተን መዓልታት እቲኣንሲ ኣብ ሰብኡትን ኣንስትን ባሮተይ እኳ መንፈሰይ ክኽዑ እየ¡ (2፣28-29) ፣፣

ነቢያት ኩሉ ጊዜ ንቕድሚት እናጠመቱ ነቲ ሕዝቢ ብሓጢአቱ ተስፋ ከይቆርጽ፣ ብጌጋኡ ተስፋ ከይቆርጽ ብዝብል ሓሳብ እንደገና ክሕደሱን ክፍጠሩን ከምዘሎዎም ይዛረቡ፣፣ ቅዱስ ጴጥሮስ ከኣ ኣብ ናይ መጀመርያ ስብከቱ፣ ነዚ ናይ ኢዩኤል ነቢይ ይጠቕሶ፣፣ እቲ ንዓለም ከድኅን ክመጽእ ዘሎዎ መሲሕ ወይ ቅቡእ እግዚኣብሔር እውን ብመንፈስ ቅዱስ እዩ ዝቕባእን ዝምራሕን፣፣ በዚ ምኽንያት ነቢይ ኢሳይያስ እንደገና፣ ኣብ ልዕሊኡ መንፈስ እግዚኣብሔር ኪወርድ እዩ፣፣ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን፣ መንፈስ ምኽርን ኃይልን ኪህልዎ እዩ፣፣ ንእግዚኣብሔር ከኣ ኪፈልጦን ኬኽብሮን እዩ፣፣ ንእኡ ብምእዛዝውን ኪሕጐስ እዩ፣፣ ንሱ ግዳማዊ መልክዕ ብምርኣይን ኪብሉ ሰሚዐ ብምባልን ኣይፈርድን እዩ፣፣ ንሱ ንድኻታት ብቕንዕና ኪፈርድ፣ ነቶም ጸግዒ ዘይብሎም ከኣ ኪከላኸለሎም እዩ፣፣ ብትእዛዙ ሰባት ኪቕጽዑ፣ ክፉኣት ሰባት ድማ ኪቐትሉ እዮም፣፣ ንሕዝቡ ብፍትሕን ሓቅን ክገዝእ እዩ¡ (ኢሳ.11፣2-5)

እናበለ ተስፋ ዝመልአ ትንቢት ኪንበ ንረኽቦ፣፣

እግዚኣብሔር ብነቢይ ሕዝቂኤል ገቢሩ ብዛዕባ እቶም እንደገና ክፈጥሮምን ክሓንጾምን ዘለዎ ሕዝቡ፣ ኣብ ዝዛረበሉ ዝነበረ ጊዜ ከኣ፣ ሓዲሽ ልቢ ክህቦም ሓዲሽ መንፈስ ድማ ኣብ ውሽጦም ኬኅድረሎም እየ፣፣ ካብ ሰውነቶም እምኒ ልቢ ከውጽእ፣ ናይ ሥጋ ልቢውን ክህቦም እየ፣፣ ሽዑ ብትእዛዛተይ ኪመላለሱ ንትእዛዛተይ ከኣ ክሕልውዎን ኪገብርዎን እዮም¡ (ሕዝ.11፣19-20) ብምባል ነቲ ዕጹውን ወይ ዘይምእዙዝን መንፈስ ሕዝቢ እስራኤል ከመይ ገይሩ ክዓርዮን ከሓድሶን ምዃኑ ይገልጽ፣፣ ነቶም ብስደት ተከላቢቶም ተበታቲኖም ዝነበሩ ሕዝቡ ድማ፣ ካብ ሕዝብታት ከምጽአኩም ካብ ኵሉ ሃገራት ከኣ ከኣኻኽበኩም ናብ ሃገርኩምውን ክመልሰኩም እየ።

ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም፣፣ ካብ ኵሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኵሎም ጣዖታትኩምን ክጽርየኩም እየ፣፣ ሓዲሽ ልቢ ድማ ክህበኩም እየ፣ ሓዲሽ መንፈስ ከኣ ከኅድረልኩም፣ ነቲ ዑቡይ ተሪር ከም እምኒ ዝኾነ ልቢ ካባኹም ከውጽእ፣ ዚእዘዝ ናይ ሥጋ ልቢ ክህበኩም እየ፣፣ መንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከኃድሮ፣ ብትእዛዘይ ከመላል ሰኩም፣ ፍርደይ ከሓልወኩምን ከግብረኩምን እየ¡ (ሕዝ.36፣24-28) ዝብል መጸናኒዒ መልእኽቲ የመሓላልፈሎም፣፣ ክንደይ ጊዜ እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እስራኤል እዚ ሕዝቢ እዚ ልቡ ተሪር እዩ፣ ኣይምእዘዝን እዩ፣ ኣይሰምዕን እዩ፣ ኢሉዎም እዩ፣፣ እዚ ከኣ ካብ ኣምላኾም ርሒቖምን ደሪቖምን ስለዝነበሩ ኢዩ፣ እንሆ ኣነ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፣ ንስኻትኩም ከኣ ሕያዋን ክትኮኑ ኢኹም¡ (ሕዝ.37፣5) ይብሎም፣፣ መንፈሰይ ኣብ ውሽጦም ከኅድር እየ፣ ሕያዋን ከኣ ክገብሮም እየ፣ ኣብ ሃገሮም ድማ ከምዚነብሩ ኪገብሮም እየ¡ (ሕዝ.37፣14) ኢሉ ቃል ኣተወሎም፣፣

ኣብ መጽሓፍ ኢዮብ፣ ግናኸ እቲ ናብ ሰብ ዚመጽእ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እዩ ምስትውዓል ዚህብ¡ (ኢዮብ 32፣8) ይብለና፣፣ እቲ ብሓጢኣቱ ብልቢ ዝተነስሐ ንጉሥ ዳዊት ኣብ መዝሙር 51 ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፣ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ፣ ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ ቅዱስ መንፈስካውን ኣይተግድፈኒ¡(መዝ.31፣10-11)፣፣ ጌግኡ ዝፈልጥን ዝእመንን ሰብ ተጣዒሱ ምስ ርእሱን ምስ ኣምላኽን ምስ ብጾቱን ምስ ከባቢኡን ይዕረቕ ሰላም እውን ይገብር፣፣ ነቲ ዘይእዙዝን ዘይሰምዕን ልቢ ኣውጺኡ ዝእዘዝ፣ ናይ ስጋ ልቢ ክህቦም እየ¡ ይብል፣፣ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ቅኑዕ መንገዲ ምስትምሃር እዩ፣፣ እግዚኣብሔር ጠሉሙና፣

ሓዲጉና፣ ከምዝብልዎ ዘይኮነስ ንሱ ኵሉ ግዜ ሓዲግዎም፣ ተፈልዮዎም ኣይፈልጥን እዩ፣፣ ንዝተነስሑ ከኣ እግኣብሔር ኵሉ በረኸቱ ይልግሰሎም፣፣ ዜስተምህሮም ጽቡቕ መንፈስካ ሃብካዮም፣ ከየጕደልካ መናኻ ሃብካዮም፣ ምስ ጸምኡ ድማ ማይ ሃብካዮም¡ (ነህምያ 9፣20)፣፣ እዚ ከኣ መንፈስ እግዚኣብሔር ብምልኣት ኣብ ዓለም ስለዘሎን ኣብኡ ንዘሎ ኵሉ ጠርኒፉ ዝኃዘ ንሱ ስለዝኾነን፣ ጥበብ፣ ሰባት ንዚዛረብዎ ኵሉ ስለእትፈልጥ እዩ¡ (ጥበብ 1፣7)፣፣ ኢሳይያስ ነቢይ፣ እዚ መንፈስ እዚ ነቶም ፈራዶ መንፈስ ፍርሒ ከኅድረሎም እዩ፣ ነቶም ኣብ ኣፍ ደገ ከተማ ኮይኖም ዚሕልው ከኣ ኃይሊ ኪኾኖም እዩ¡ (ኢሳ.28፣5) ብምባል ነቶም መራሕቲ ሕዝቢ መንፈስ ፍትሕን ሓይልን ጥበብን ከምዝዕድሎም ይገልጽ፣፣ ነዚ ኵሉ ዚገብረሎም ዘሎ ከኣ እግዚኣብሔር

ወትሩ እሙን ጐይታ ከምዝኾነ ከረጋግጸሎም ኢሉ እዩ፣፣

ስለዝኾነ ከኣ ብነቢይ ሃጌ ገቢሩ፣ ካብ ግብጺ ክትወጹ ከሎኹም ምሳኻትኩም ክኸውን ኢለ ቃል ኪዳን ኣትየልኩም ነቢረ፣ ገናውን ኣብ ማእከልኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ¡ (ሓጌ 2፣5) ክብሎም ንሰምዖ፣፣ እምበኣር መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ዕግርግር ኣይኮነን፣ መንፈስ ህድእት፣ ሰላምን፣ ስምምዕን እዩ፣፣

## መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓዲስ ኪዳን



ኣብ ሓዲስ ኪዳን መንፈስ እግዚኣብሔር ብዝተፈላለየ ስም ክጽዋዕ ንርኢ፣፣ መዝገብ ሃይማኖት ከምዝብሎ መንፈስ ቅዱስ ማለት ምስ ኣቦን ወልድን ብሓባር ናይ እነምልኾን፣ ክብሪ እንህቦን ስመ ተጸውዖ እዩ¡፣፣ ቤተ ክርስቲያን ድማ ነዚ ስምœዚ ዝተቐበለቶ ካብ ጐይታ ብቐንዱ እንኪኸውን፣ ኣብ ጥምቀት ሓደስቲ ውሉዳ ከም እምነት ትገልጾ¡ (መዝ.ሃይማኖት ቍ.691)፣፣ ኢየሱስ ብዛዕባ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምምጻእ ብግልጺ ኪነግርን ከተስፉን ከሎ፣ ጰራቅሊጦስ ኪብል ይሰምዮ፣ ቃል ንቃሉ ›ኣብ ጐድንኻ ደው ዚብልœ ዚከላኸል ወይ ዚጠበቓልካ ማለት እዩ፣፣ ጰራቅሊጦስ ብልምዲ ›መጸናንዒœ ተባሂሉ ይትርጐም፣፣ እቲ ቀዳማይ መጸናንዒ ድማ ኢየሱስ ጐይታ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ›መንፈስ ሓቂœ እውን ይብሎ እዩ¡ (መዝ.ሃይ. ቍ.692) ብዘይካœቲ ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያት ዚዝውተር ›መንፈስ ቅዱስœ ዚብል ስመ ተጸውዖ፣ ኣብ ቅዱስ ጳውሎስ እንረኽቦ ካልእ መስመያታት እውን፣ መንፈስ ተስፋ፣ መንፈስ ውልድነት፣ መንፈስ ክርስቶስ፣ መንፈስ ጐይታ፣ መንፈስ ኣምላኽ ዚብል ኢዩ፣፣ ኣብ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ›መንፈስ ክብሪœ ዚብል ንረክብ (መዝ.ሃይማ.ቍ.693)፣፣

ኣብ ጸሎት ሃይማኖት ዘጉባኤ ንቂያን ቍስጥንጥንያን ከኣ ቤተክርስቲያን፣ ካብ ኣቦ ብዝሠረጸ ብመድኃኒትን፣ ጐይታን፣ ወሃብ ሕይወትን፣ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን፣ ብኣፍ ነብያት ዝተናገረ፣ ነኣኡውን ምስ ኣቦን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን¡ (ተኣምኖተ ሃይማኖት ዘኒቅያ) እናበለት ዘይነቓነቕ እምነታ ትገልጽ፣፣ እዚ እቲ ኵሉ መዓልቲ መዓልቲ ካብ ጊዜ መስዋዕተ ቅዳሴ ንደግሞን ንእመነሉን ዓንቀጽ ሃይማኖትና ምዃኑ ምዝካር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣፣

ምሥጢረ ሥጋዌ ኣብ ማርያም ክፍጸም ከሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣባኺ ኪወርድ እዩ፣ ኃይሊ እቲ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ¡ (ሉቃ.1፣35)፣፣ ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኣ¡ (ሉቃ.1፣41)፣፣ ንዘካርያስ ኣቦ ዮሓንስ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦ¡ (ሉቃ.1፣67)፣፣ ንስምዖን መሲሕ እግዚኣብሔር ከይረኣዮ ከም ዘይመውት ብመንፈስ ቅዱስ ተነጊሩዎ ነበረ¡ (ሉቃ.2፣26)



ሕነ ቀረድ¡ ኣይኮነን። ሓዳር ቤት ትምህርቲ ፍቕርን ሓኅስን ምበር ምቕብባል ዘረባ፣ ግጥም ቴኒስ ኣይኮነን። ሓዳር ሓደ ኣካል፣ ሓደ ኣምሳል፣ ሓደ ቃል ምዃን እምበር፣ ሓሓሊፉካ ምድቃል፣ ወይ ሓደ ናይ ብርኪ ትካል ኣይኮነን።ሓዳር ናይ ዕድመኻ ምሉእ ቤት ትምህርቲ እምበር ከምድላይካ ስርሕ ፍንጥሕ እተብሎ ጸወታ ገዛገዛ ቆልዑ ኣይኮነን። ሓዳር ብግቡእ እንተነርካዮ፣ መዓር/ምቁር እምበር ሕ ዳ / መ ሪ ር ኣይኮነን። ሓዳር ነባሪ ውዕሊ እምበር ሓ ቂ ዘ ይ ብ ሉ መዓልታዊ ጓይላን ማሕላን ጣሕላን ኣይኮነን። ሓዳር ከመይ ገይርካ ተረድእ¡ እምበር ከመይ ገይርካ ትረትዕ¡ ኣይኮነን። ሓዳር ብሓባር ምንባር¡ እምበር ብሓባር ምሕዳር¡ ኣይኮነን (ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ኣብ` ልዕሊ ሓደ ማእሲ ምሕዳር ጥራሕ ሰብ ሓዳር ኣይገብረካን ኢዩ)።

እምበኣር፣ ኣብ ግዜ በደል ካብ 1000 መመኽነይታ ሓንቲ ይቓሬታ!! ካብ እናተሓራረቕና እናተደነቕና ንንበር፣ ካብ እናተወቓቀስና እናተወዳደስና ንንበር፣ ካብ እናኣወዳደርና እናተከባበርና ንንበር፣ ካብ እናተካሰስና እናተከሓሓስና ንንበር፣ ካብ ምጽውዋግ ምጽውዋር ይሓይሽ፣ ካብ ናይ ጠቐነ ዘመተ ግሉጽ ዘተ ይሓይሽ፣ ካብ ተሓላሊካ ተኣማማንካ ምንባር ይሓይሽ ብምባል ሓደ ሓደ ክግበር ዘለዎ ሓገዛት (ለበዋታት) ብምምልካት ኣስተምህሮኡ ኣካፊሉ።

ድሕሪ ኣስተምህሮ ካብ ተሳተፍቲ ሓያሎ ሕቶታት ቀሪቦምን ተመሊሶም። ናይ ጉጅለ ዘተን ጸብጻብœውን ሲዒቡ ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ዋና ጸሓፊት ካ.ቤ.ር.ኤ.ኣ እናቴ ትንሣኤ ኃ/ ማርያም እቲ መደብ ንምኩስኳስ ነታ ናይ ኩሉ ጸዋዕታት ምንጪ ዝኾነት ስድራቤት ተባሂሉ ከም ዝተሰርዐ፣ ንድሕሪ ሕጂ ከምኡ ዝኣመሰለ መደብ ክቕረብ ከሎ ከኣ ዝያዳ ተሳትፎ ክርእ ተላብየን። ኣባ ሰሎሞን ወልዱ ብወገኖም ንተሳተፍቲ ኣመስጊኖም ብጸሎት ዛዚሞምዎ።

## ሱባኤ መንእሰያት ተመሃሮ 11 ክፍሊ

ብ17 ሰነ 2017 ንኹሎም ኣብ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ዘለዉ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ንሳዋ ክወርዱ ዝቀራረቡ ዘለዉ መንእሰያት፡ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ሱባኤ ውዒሎም። ተሳተፍቲ ናይዚ ሱባኤ 86 ተመሃሮ ኣብ ዝተረኽቡሉ ኽቡር ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ቅዱስ ቁርባን ኣውጺኦም መደብ ሱባኤ ከፊቶሞ፡ ቤት ምኽሪ መንእሰያት እውን ጸሎት ኣስተንትኖን ንባባት ቃል ኣምላኽን መሪሐሞም፡ መደብ ኑዛዜ እናተገብረ ከኣ ኽቡር ኣባ ሰለሙን ወልዱ ቆሞስ ደብረ ጽንሰታ ብግዜን ብዘይ ግዜን እሙን ኣገልጋሊ¡ ብዝብል ኣርእስቲ ናይ በሓቂ ኣብዚ ዓመት እዚ ብእምነትኩም ብትምህርትኹም ኽትዓብዩ ይግበኣኩም።

ምኽንያቱ ምሳኹም ዝኸይድ ወላዲ፡ካህን፡ ፈተውቲ የለዉን፡ ምሳኹም ዝኸይድ ቃል ኣምላኽ ጥራሕ እዩ። ስለዚ ኣብ ጉዕዞኹም ከተተግብርወን ዘለኩም ሰለስተ ነጥብታት ኣለዋኹም። እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ 10 ደቂቕ ጸሎት ክትገብሩ፡ ንግሆ ትንስእ ኢልኩም ቃል ኣምላኽ ከተንብቡ እሞ ብእኡ እናስተንተንኩም ክትውዕሉ፡ ብዝከኣለኩም ጻዕሪ እውን ጽቡቕ ነጥቢ ከተምጽኡ ክትጽዕሩ ኣለኩም ብምባል ብእምነቶም ጽኑዓት ክኾኑ ብትምህርቶም ክብርትዑ ኣባታዊ ሓልዮቶምን ምኽሮምን ለጊሶምሎም። ቀጺሎም ኽቡር ኣባ በርሀ ሩፋኤል ሰዓት 11፡30 ኪዳነ ምሕረት ብባርኖሳ ከተጽልሎም ሰናይ ዓመት ክገብረሎም ምእንትኦም መስዋዕቲ ቅዳሴ ኣዕሪጎም። ኣብ ግዜ ምሳሕ ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ቤተክርስትያንን ሃገርን ንስኻትኩም ኢኹም።

ስለዚ ኣጆኹም ኣብ ጉዕዞኹም ዝገጥመኩም መሰናኽል ብጽቡቕ ዓይኒ እናጠመትኩም ንሰናይኩም ከምዝኾነ ሕሰቡ

ኢሎሞም፡ ብድሕሪኡ ገለ ውፉያት መንእሰያት ብመልክዕ ድራማ ከመይ ዓይነት ጉዕዞ ክጎዓዙ ከምዘለዎም ኣተሓሳሲቦሞም። ኣብ መጠረሻ እ.ሓና ፍረወይኒ ምሕረትኣብ ብእምነትኩም ብትምህርትኹም ብሱላት ክትኮኑ ሕውነታዊ ጉዕዞኹም ከተደልድሉ ክትተሓጋገዙ ኣለኩም። ንዝገጥመኩም ኩሉ ከኣ ብዓይኒ እምነት ክትርእይዎ ናይ እምነት ምላሽ ሂብኩም ክትኽእሉ ተሓጋገዙ፡ ንሕና ከኣ ብጸሎት ከነሰንየኩም ኢና ብምባል ኣተባቢዐንኦም።

## ሓዋርያዊ ምብጻሕ<br>ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ቤት ጸሎት ዓዲ ጓዕዳድ

ብዘሎ ናይ ኣባይቲ ጸገም ብዙሕ ሕዝቢ፣ ካብ ዋና ከተማ ወጺኡ ኣብ ከባቢ ዘሎ ዓድታት ተኻርዩ ይነብር ምህላዉ ዝፍለጥ ኢዩ። ከካብ ከባቢኡ ንቤተክርስቲያን ክሳተፍ ከኣ



ኣጸጋሚ ኢዩ። ሓደ ካብዚ ከኣ ኣብ ትሕቲ ደብረ ቅ. ኣንጠንዮስ ጐዳይፍ ዝጓሰዩ ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ዘለዉ ምእመናን ኢዮም።እዞም 45 ስድራቤታት ዝኣኽሉ ምእመናን ብሓደ ሓቢሮም ሥርዓተ ኣምልኾኦምን ጸሎቶምን ዝፍጽሙላን ትምህርተ ክርስቶስ ዝመሃሩላን ሓንቲ ቤት ጸሎት ኣላቶም። ሃለዋት እዞም ምእመናን ንምፍላጥን ግድነታቶም ንምስማዕን ንምትብባዕን ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ብኣባ ተስፋማርያም ገ/ክርስቶስን እናቴ ትንሣኤ ኃ/ማርያምን እናቴ ፍረወይኒ ምሕረተኣብን ተሰንዮም ብሰንበት 18 ሰነ ንካቶሊካውያን ምእመናን ዓዲ ጓዕዳድ በጺሖም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብቲ ዓዲ ምስ በጽሑ ምእመናን ብክብሪ ተቐቢሎምዎም። ህሉው ኩነታቶምን ጸገማትቶምን ቤት ጸሎት ክሰርሓሎም ዘለዎም ባህግን ገሊጾምሎም። መንእሰያትœውን ሓደ ድራማ ኣርእዮም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ከኣ በቲ ዘለዎም መንፈሳዊ ቅንኣትን ትግሃትን ኣመስጊኖም፣ ከምዚ ቢልኩም ክትጥርነፉ የሕጉሰኒ ኢሎም።

እቶም ቀዳሞት ክርስቲያንœውን ክጅምሩ ከለዉ ቤተክርስቲያን ኣይነበሮምን፣ ኣብ ኣባይቲ ኢዮም ዝእከቡ ዝነበሩ። ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ኮይኖም ከኣ ትምህርቲ ሃይማኖት፣ ቃል ኣምላኽ ይሰምዑ፣ ኣብ ቅዳሴ (ቅ.ቁርባን) ሓቢሮም ይሳተፉ፣ ቤተመቅደስ ይመላለሱ፣ ነቶም ኣብ መንጎኦም ዝነበሩ ጽጉማት ይረድኡ ነይሮም። ንስኻትኩምœውን ብሓገዝ ካህናት ካብ ቅ.ኣንጠንዮስን፣ ደንበስኮን፣ ደናግል ቅ.ሓናን ተጠርኒፍኹም ን10 ዓመት ተጓዒዝኹም ኣለኹም፣ ትቃለሱ ኣለኹም፣ ጸገምኩም ይርደኣናœዩ። ኣምላኽ ኣብ ዝበሎ ከኣ ቦታ ምስ ተረኽበ ምሳኹም ኣለና ዝከኣለና ክንገብር ኢና። ተጋድሎ ትገብሩ ኣለኹም፣ እምነት ብተጋድሎ፣ እንተከፈልካላ እያ ት ዓ ቢ ፣ እምነትና ነጽንዕ፣ ንደቅናœውን ኣብ እምነቶም ክድልድሉ ንኾስኹሶም፣ ኣጆ ኩም በር ትዑ፣ ተ ገ ዳ ስ ነ ት ኩ ም ን ትግሃትኩምን ቀጽልዎ ቢሎም ኣተባቢዖምዎም። ብዝተገብረሎም ዕድመ ኣመስጊኖም ንቦታኦም ተመሊሶም።

13 ሰነ ዝተባዕለ ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅ.ኣንጠንዮስ ብብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዝተመርሑ ዓሰርተ ለባስያን ካህናት መስዋዕተ ቅዳሴ ብኃባር ምስ ዓረገ። ሲዒቡ ከምቲ ልሙድ ኣገባብ ነጋዲ ሕዝቢ ብመስቀል ተመሪሑ፡ ብጸሎት መቍጸርያን ምህለላን፡መዝሙር መንእሰያትን ያሬዳውያንን ማዕሪጉ ብሥሙርን ዝተወሃሃደን ሃናጺ ኣገባብ መንፈስ ጸሎት ዝዓብለሎ ብቡራኬ ቅ.ቁርባን ግሩም ዑደት ተኻይዱ።

ዑደት ተፈጺሙ፡ ሕዝቢ ናብቲ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝዓረገሉ ሰፊሕ ዳስ ተመሊሱ፡ መዝሙር ያሬዳውያንን ሊቃውንትን መንእሰያትን ምስ ቀረበ፡ ቀጺሎም ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዘስምዕዎ ቃል እግዚኣብሔር፡ እንቋዕ ናብ ዓመታዊ ዝኽረ በዓል ቅ.ኣንጠንዮስ ኣብጽሓና ድሕሪ ቢሎም፥ ካብ ወንጌል ማርቆስ ኢየሱስ ርኹስ መንፈስ ንዝሓደሮ ሰብ ከምኡœውን ንሓማት ጴጥሮስን ንካልኦት ሕሙማትን ከምዘሕወየ ዜዘንቱ ክፍሊ ጠቒሶም መንፈሳዊ ትርጉሙ እንኪገልጹ፣ ኢየሱስ ከም በዓል ስልጣን ይምህር ስለዝነበረ፣ ንርኹሳት መናፍስቲœውን ብስልጣን የውጽኦም ብምንባሩ እቶም ሰማዕቱ ይድነቁን ይግረሙን ነበሩ።ኣብዚ ወንጌልœዚ ኢየሱስ ምሉእ መዓልቲ ወንጌል ክሰብኽን ሕሙማት ከሕውን ከም ዝወዓለ ኢዩ ዝነግረና።

ኢየሱስ መድኃኔዓለም ፈዋሴ ሕሙማን ቅድሚ ካልእ ስርሑ ትምህርቱ ኢዩ ዘስምዕ ዝነበረ። ከመይ ቀዳማይ ጸላኢና ድንቁርንና ኢዩ። መን ኢኻ? ካበይ መጽእካ? ናበይ ኢኻ ትኸይድ? ምፍላጥ የድሊ። ዘይፈልጥ ኣይፈልጥን ኢዩ። ስለዚ ዓሚቕ ትምህርተ ክርስቶስ የድሊ። ኢየሱስ ነቲ ዝምህሮ ብግብሪœውን የርእዮ ነበረ። ፍልጠት ጥራሕ ኣኻሊ ኣይኮነን። ዝተሸገረ፡ ዝጸበቦ ሰብ መስተርሆት የድልዮ። ስለዚ ከኣ ኢዩ ኢየሱስ ነቶም ብኣጋንንቲ ዝተኣሰሩ ቦታካ ኣይኮነን፡ ካብኡ ውጻእ¡ እናበለ ካብ ርኹሳት መናፍስቲ ናጻ ዝገብሮም፡ ብሕማም ዝሳቐዩ ዘሕውዮም ዝነበረ። ሎሚ ኣባና ዘሎዉ ትዕቢት፣ ቅንኢ፣ ሃኬት፣ ስስዕቲœውን ምስ እግዚኣብሔርን ሰብን ዘባእሱና ርኹሳት መናፍስቲœዮም።እምበኣር ንክርስቶስ ፈዋሲ ሕሙማት ካብቲ ኩሉ ዘጨንቐኒ ዘሎ ሕማም ነፍስን ሥጋን ሓራ ኣውጽኣኒ እናበልና ንለምኖ። ኢየሱስ ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፣ ናባይ ንዑ፡ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ። ኣነ ለዋህ እየ ልበይœውን ትሑት እዩ እሞ ኣርዑተይ ጹሩ፣ ካባይœውን ተምሃሩ፣ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ጾረይ ከኣ ፈኩሽ እዩ¡ እናበለ ኢዩ ዝጽውዓና። ንሱ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ ከሎና ብ ኣነ ከሕወየካœየ፣ ኣነ እፈልጠልካœየ¡ ዝብሉ ሰባት ተታሊልና ብዘየድሊ ፍርሒ ተጨኒቕና ኣብ ዘይእቶ ኣይንእቶ። ኣብኡ ዘብጽሕ የብልናን።

ቅዱስ ኣንጠንዮስ እቲ ዘይሕለል ሰበኺ ወንጌል፣ ኣበሳሪ ጥዑም ዜናœውን ከምቲ ናይ ኢየሱስ ነቶም ዝተረበሹ፡ ዕረፍቲ ዝሰኣኑ ሕዝቢ፡ ካብ ሕማም ነፍስን ሥጋን የሕወዮም ስለዝነበረ ኢዩ ገባሬ ተኣምር፡ ገባሬ መንክር¡ ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ሎሚ ብፍሉይ እንታይ ትደሊ እንተዝብለና ነናትና ሕቡእ ልመና መቕረብና፣ እንተኾነ ቅዱስ ኣንጠንዮስ ዝሕጕስ ኣብ ተኣምራት ዘይኮነስ ንክርስቶስ እንተተኸተልና ኢዩœሞ፡ ኢየሱስ ንሓቅታት እምነትና ክንፈልጥ ባዕሉ ይሓግዘና፣ ነቲ ኩሉ ዘጨንቐናን ዘሳቕየናን ተወዳእ¡ ይበለልና፡ ብዝናሙ ይተዓረቀና፡ ቢሎም ኖላዊ ቃሎም ኣስሚዖም። ኣኽቲሎም ከኣ ገጣሚ ኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ንሕይወት ቅ. ኣንጠንዮስን ናብኡ ዝግበር መንፈሳውነትን ዝምልከት፡ መንፈሳዊ ማዕዳ ወሲኾም መሃሪ ግጥሞም ኣቕሪቦም። ድሕሪ ቡራኬ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ከኣ ብቃለ ምስጋና ሓላፊ እቲ ደብሪ ኣባ ጠዓመ ገብረዮሓንስ ወግዓዊ ሥርዓተ በዓል ተፈጺሙ። ነጋዲ ሕዝቢ ግና ምሉእ መዓልቲ ኣብ ዝጥዕሞ ሰዓት እናመጸ ምሉእ መዓልቲ ክጽሊ ዊዕሉ።

መንእሰያት እዚ ደብሪ ከኣ ቀንዴል ሕዝባዊ ቅዱስ¡ ዝተሰመየ፣ ሰረት ኣመጻጽኣ ንግደት፡ መንፈሳውነት ቅዱስ ኣንጠንዮስ ዘፓዶቫ ኣብ ኤርትራ፡ ዝተፈላለየ ብመንእሰያት ዝተኣከበ ምስክርነታት ቅዱስ ኣንጠንዮስን ንቅዱስ ቁርባን ዝርኢ ዓናቅጽ ዘለዎ ሓደ ጽሑፍ ኣሰናድዮም፣ ዘርጊሖም። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ናይ ሎምዘመን በዓል ቅዱስ ኣንጠንዮስ ንመበል 78 ዓመቱ ይዝከር ምህላዉን ኣብ ሃገርና ብቅዱስ ኣንጠንዮስ ዝጽዋዓ ኣርባዕተ ኣድባራት ማለት ኣብ ከረን ብ1932 ዝተሃንጸት፡ ኣብ ዓዲሽማግለ ብ1935 ዝተሃንጸት፡ ኣብ ኣሥመራ ብ1938 ዝተሃንጸት፡ ኣብ ካርካሻ (ጋሽ-ባርካ) 1995 ዝተሃንጸት ምህላወን፣ ከምኡœውን ንቅዱስ ኣንጠንዮስ ዝምልከት ዛጊት ዝወጸ ጽሑፋትን ብስም ቅዱስ ኣንጠንዮስ ዝጽውዓ መንፈሳውያን ማሕበራትን ሓደ ሓደ ምስክርነታትን ተኣምራታዊ ተግባር ቅዱስ ኣንጠንዮስ ብሓፈሻ መንፈሳውነት ቅዱስ ኣንጠንዮስ ኣብ ኣርባዕቲኤን ሰበኻታትና እናስፋሕፍሐ ይኸይድ ምህላዉ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

## ዓውደ - መጽናዕቲ ንሰበኪዳን

ብኣተግባሪ 2ይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ዝተሰርዐ፣ ብ17 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል መንበረ ቤተ ሊቀጳጳስ ኣብ ቁምስናታት ኣሥመራ ዝርከቡ ካብ ዝመርዓዉ ትሕቲ 10 ዓመት ዘለዎም ሰበኪዳን ብድሆታት ሰበኪዳን ግዜናን መፍትሒኦምን ዝብል ዓውደ መጽናዕቲ ተዋሂቡ።

እቲ **ብድሆታት ስድቤት ግዜናን መፍትሖምን**¡ ዝብል ኣስተምህሮ ብኣቶ ግርማይ ኣስፍሃ ዝቐረበ ኮይኑ፣ ሰለስተ ንኡሳን ኣርእስታት ዝነበሮ ኢዩ። ኣቕራቢ ስድራቤታትና ዘለወን ብልጫታት እንክዝርዝር፣ ሓልዮትን መሪሕነትን ቤተክርስትያን-ንጹር መምርሒታትን ሕግታትን ምህላዉ፣ ብቁዓት መማህራን ቤተክርስቲያን ምህላዎም ዝኣክል መጋበሪታት ምስንዳዉ፣ ዝርዝራዊ ትምህርቲ ቅ.መጽሓፍን መምርሒታት ቤተክርስቲያን፣ ሰነዳት ቤተክርስቲያን ብዛዕባ ቃልኪዳን፣ ንኣብነት፣ ጉባኤ ቫቲካን (ቅዱስ ጉባኤ፣ ብርሃን ኣሕዛብ፣ ሓዋርያዊ ተልእኮ፣ ፍስሓን፣ ተስፋን)፣ ሕገ ቆኖና ፣መዝገበ ሃይማኖት፣ መልእኽታት ኣርእስተ ሊቃነ ጳጳሳት፣ ቀዳማይ ኮነ ካልኣይ ሲኖዶስ ጳጳሳት ምእንቲ ኣፍሪቃ፣ ሰበኻዊ ሲኖዶስ፣ ወዘተ ዝህቦ ትምህርትን ለበዋታትን፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ሓጋዚ እምነት ድማ ንቃል ኪዳን ዘተባብዕ ሓጋዚ ባህሊœውን ( ቃልኪዳን ካቶሊክ!!!) ምህላዉ ገለ ካብ ትሕዝቶኡ ጠቓቒሱ፣ ኣብቲ ምኽንያትን ሳዕቤንን ምብትታን ስድራቤት ዝብል ክፋል ከኣ፣ ሎሚ ኣብ ዓለምና ብዙሓት ሰብ ሓዳር ብፍቕርን ብምርድዳእን ሕጉሳት ኮይኖም ዝነብሩ ኣለዉ፣ ገሊኦም ከኣ ጾሩ ከቢዱዎም ዊሕ! እህህ¡ እናበሉ ዝነብሩ ኣለዉ። ምናልባት ምኽኣል ሰኢኖም ፍትሕ ፍታሕ መሲሉዎም ዝፋትሑ ከኣ ሓያሎ ኣለዉ(1/3)። እቲ ጸገማት (ምኽንያት) ወይ ጠንቂ ምብትታን ስድራቤታት እንታይ ኢዩ? ካብቲ ብዙሕ ዓራት (ማለት ናይ ጾታዊ ርክብ ጸገማት) ውልድ ዘይምርካብን ኣተዓባብያ ውሉድን፣ ምትእትታው ኣዝማድ ኣብ ሓዳር፣ ምሕደራ ገንዘብ ከምኡœውን ዘመናዊ ጸገማት ከም ጾታዊ ርክብ ቅድሚ መርዓ፣ ዘይወዲ ሃይማኖትካ ምምርዓው (Mixed Marriage) ምንጻል ጥንሲ (Abortion) ከላኤ-ጥንሲ (Contraceptive) ምጥቃም ናይ ዝኣመሰለኡ ጸገማትን ካልኦት ብድሆታት ግዜናን መፍቲሖኦምን ብኣብነታዊ ዛንታታት (Cases) ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ከም መጠቓለሊ፣ ሓዳር ብጾታዊ ርክብ ንሓድሕድካ እትተዓጋገበሉ¡ናብራ-ሓጎስ እምበር ንሓድሕድካ እትተዓጋገበሉ¡ ዓወደ-ውግእ ኣይኮነን። ሓዳር ብጾታዊ ርክብ ኪዳንካ እትጽንዓሉ መእሰሪ ገመድ¡ እምበር ንበዓል ኪዳንካ/ኪ እትቀጽዓሉ መውጽኢ



፣፣ ዮሓንስ መጥምቕውን ኣነስ ብማይ እየ ዘጥምቀኩም ዘሎኹ፣ እቲ ኣባይ ዚብርትዕ፣ ኣነ ሥራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ ዘይበቅዕ ግና ይመጽእ ኣሎ፣፣ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ። (ሉቃ.3፣16) ኢየሱስ ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ኪጥመቕ ከሎ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ብግዙፍ በምሳል ርግቢ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ¡ (ሉቃ.3፣22)፣፣ ካብቲ ፈለግ ምስ ወጽአ ከኣ መንፈስ ቅዱስ መሊኡዎ ካብ ዮርዳኖስ ተመልሰ፣፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ናብ በረኻ መሪሑ ወሰዶ፣፣ ብድያብሎስ ድማ ነርብዓ መዓልቲ ተፈተነ¡ (ሉቃ.4፣1-2)፣፣

ኢየሱስ ስብከተ ወንጌል ክጅምር ከሎ፣ ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕውራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ ከበሥር፣ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ¡ (ሉቃ.4፣18-19) ክብል ንሰምዮ፣፣ ንሕና ክንድቅስ ንሱ ኣይድቅስን እዩ፣ ንሕና ክስልክየና፣ ንሱ ኣይስልክዮን እዩ፣ናይ ብሓቂ ወትሩ ድልው ምኻኑ፣፣ እዚ ክንኣምኖ ኣሎና፣ ዝጸምአ እንተሎ ናባይ ይምጻእ፣ እሞ ይስተ፣፣ እቲ ብኣይ ዚኣምን ከምቲ ጽሑፍ ዚብሎ፣ ካብ ውሽጡ ርባታት ማይ ሕይወት ኪውኅዝ እዩ¡ እናበለœውን ተዛረበ፣፣ እዚ ብዛዕባœቲ እቶም ብኣኡ ዚኣምኑ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝተዛረበ፣፣ ምኽንያቱ ኢየሱስ ገና ስለዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ¡ (ዮሓ.7œ38)፣፣

ከምቲ ንፈልጦ፣ ዕለተ ጰራቅሊጦስ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ መዓልቲ ኢዩ፣፣ ጰራቅሊጦስ መዓልቲ ልደት ቤተ ክርስቲያን እዩ፣ ከምቲ ደጋጊሙ ኣተስፊዮዎም ዝነበረ ቀዳማይ ህያብ እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ክርስቶስ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝኾነ፣፣ በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ምድሪ ምስ መሰየ፣ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ነቶም ኣይሁድ ስለዝፈርሁ መዓጹ ተሸጕሩ ነበረ፣፣ ኢየሱስ ከኣ ኣብታ ተኣኪቦምላ ዝነበሩ መጸ፣፣ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ ድማ ›ሰላም ንኣኻትኩም ይኹንœ በሎም፣፣ ሽዑ ከም ብሓድሽ ›ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን፣ ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዝለኣኸኒ ኣነውን ከምኡ እልእከኹም ኣሎኹ፣፣ እዚ ኢሉ ኡፍ በለሎም እሞ ›መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ፣ ኃጢኣቶም ንዝኅደግኩሙሎም ኪኅደገሎም፣ ንዘይኅደግኩሙሎም ግና ኣይክኅደገሎም እዩ¡በሎም (ዮሓ.20፣19-22)፣፣

ኢየሱስ ከኣ ቀሪቡ፣ ሥልጣን ሰማይን ምድርን ኵሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ፣፣ እምበኣር ኪዱ እሞ ንዅሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጠመቕክምዎም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም፣፣ ከምኡውን ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኪሕልዉ ምሃርዎም፣፣ እንሆ ኣነ ድማ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ¡ እናበለ ተዛረቦም (ማቴ.28፣18 -20)፣፣ ሓዋርያትን ኵሎም ተኸተልቲ ክርስቶስን እምበር፣ ነቲ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነበሮ ሕይወትን፣ ዝፈጸሞ ናይ ድኅነት ስራሕን፣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ተግባራዊ ከምዝኸውን ዝገብር መንፈስ ቅዱስ እዩ፣ እዮም ዝብሉና፣፣ <u>መንፈስ ቅዱስ ስራሑ ሓዲሽ ፍጥረት ምስራሕ ስለዝኾነ፣ ኢየሱስ</u> ድሕሪ ትንሣኤœውን ሓይሊ ክትቅበሉ ኢኹም፣ ክብሎም ከሎ ምእንቲ እቲ ንሱ ዝፈጸሞ ናይ ድሕነት ስራሕ ክንፍጽም፣ ምእንቲ ነቲ ንሱ ዝመሃሮ ብቅንዕና ክንምህር፣ ምእንቲ ነቲ ንሱ ዝነበሮ ክንነብር፣ እዩ። መንፈስ ቅዱስ እሙናት ደቂ መዛሙርቲ ክርስቶስ ክገብረና እዩ ዝደሊ፣፣ ኪዱ መሃሩ ንኩሎም ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም¡ ክብለና ከሎ ንሕና ሓደስቲ ሓይሊ የብልናን፣መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ እንተዘይሰቢክሉ፣ ንሕና ንሓደ ሰብ ቃል ኣምላኽ ሰቢኽና እሙን ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰዓቢ ክንገብሮ ኣይንክእልን ኢና፣ ንሕና ኣገልገልቲ ኢና፣ ንሕና ልኡካት ኢና፣፣ በዚ ከኣ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ ብመንፈስ ቅዱስ ተምሪሑ እንተዘይኮይኑ፣ ›ኢየሱስ ጐይታ እዩœ ኪብል ዚኽእል ሓደኳ የልቦን¡ (1ቆሮ.12፣3) እናበለ ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወትና ተራ መንፈስ ቅዱስ ሸለል ኢልካ ዝሕለፍ ከምዘይኮነ ኣነጺሩ ዝገልጸልና፣፣ ውሉድ ስለዝኾንኩም ነቲ ›ኣቦዋ! ኣቦœ ኢሉ ዝጽውዕ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብኹም ለኣኸ¡ (ገላ.4፣6) እናበለœውን ኩሉ ግዜ ምሳና ምህላው የረጋግጸልና፣፣

ቀጺሉ ከኣ መንፈስ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ (ሓሳባት) ሓደኳ ዚፈልጦ የልቦን። (1ቆሮ.2፣11)፣፣ እዚ መንፈስ ቅዱስ ግን ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ¡ (ዮሓ.16፣13) ፣ እቲ ብነብያት ዝተዛረበ¡ መንፈስ ቅዱስ ንቃል ኣምላኽ፣ ንቃል እግዚኣብሔር ከምእንሰምዕ ይገብረና፣፣ እቶም ኣብ ክርስቶስ ዚኣምኑ ዘበሉ ኣብኦም ስለዝነብር ንመንፈስ ቅዱስ ኪፈልጥዎ ከለው ዓለም ግና ኣይርእዮን ኣይሰምዮን¡ እዩ፣፣

ጰራቅሊጦስ ማለት ቋንቋ ግሪክ ጽሩይ ጠበቓ ወይ መጸናንዒ ማለት እዩ፣፣ ቓል ንቓሉ ኣብ ጐድንኻ ደው ዝብል፣ ኣዝዩ ፍሉይ ዓርኪ፣ ወይ ፈታዊ ማለት እዩ፣፣ ክርስቶስ ተፍቅሩኒ እንተኾይንኩምሲ ትእዛዛተይ ክትሕልው ኢኹም፣፣ ኣነ ከኣ




ነቦ ክልምኖ እየ፣ ንሱ ድማ ንዘለዓለም ምሳኻትኩልም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኪህበኩም እዩ፣፣ ንሱ ከኣ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ብምኻና ክትቅበሎ ዘይትኽእል መንፈስ ሓቂ እዩ፣፣ ንስኻትኩም ግና ምሳኻትኩም ዚኃድር ኣባኻትኩምውን ዚነብር ስለዝኾም ትፈልጥዎ ኢኹም¡ (ዮሓ.14፣15-17) ዚብል ጥቕስታት ሓዲስ ኪዳንœውን ግደን ስራሕን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወት ምእመናን ክሳዕ ክንደይ ዓቢይ ምኻኑ ብዝተፈላለየ ኣስማትን ተግባራትን ይገልጸልና፣፣

(ኣብ ዚመጽእ ኅታም ኪቕጽል ኢዩ)

# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ዓውደ- መጽናዕቲ
## ናይ ክህነታዊ ማኅበር መሠረታዊ መደብ

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብንካህናት እትሓሊ ክፍሊ ቅ.መንበር ዝተሰናደወ ንክህነታዊ ኩስኮሳን መዕበያን ዝምልከት ናይ ክህነታዊ ማኅበር መሠረታዊ መደብ¡ (Ratio Fundamentalis institutionis Sacredotalis) ዝተሰመየ መምርሒ ወጺኡ ምህላው ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣብ ዝሓለፈ እዋን›ውን ብናይ ምስራቕ ኣፍሪቃ ረኪበ ጳጳሳት (ኣመሰያ) ዝተጸውዐ ንእኡ ዝምልከት ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ኬንያ ተኻይዱስ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ጳጳስ ዘመንበረ ከረን ዝመርሕዎ ሓሙሽተ ካህናት ተሳቲፎም ነይሮም። እቲ መምርሒ ብዘይካœዚ ዞባዊ ዓውደ መጽናዕቲ በብረኪበ ጳጳሳት›ውን ክዝተየሉን ኣብኡ ዝተመርኮሰ መምርሒ ምስንዳውን ስለዝሓተተ፣ ዝሓለፈ ዓርቢ 2 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ብፁዓን ጳጳሳትን ካብ ኩለን ሰበኻታትና ዝመጹ ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ደናግልን ዝተሳተፍዎ ናይ ሓደ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።
ነቲ መደብ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ



ተስፋማርያም ብጸሎት ምስ ከፈትዎ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ዕላማ ናይቲ ዓውደ መጽናዕቲ እንኪገልጹ ውዕሎ ናይቲ ኣብ ኬንያ ዝተኻየደ ዓውደ መጽናዕትን ትሕዝትኡን ከምኡœውን ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ሰነድ ኣላልዮም። እቲ መምርሒ ብሓፈሻ ከመይ ዝበሉ ካህናት ኢና ከነፍሪ ዘሎና፣ ስለ ዝሕብር ኣብቲ መምርሒ ተመስሪትና ምስ ናትና ባህልን ልምድን ሊጡርግያን ኣወሃሂድና፣ ናትና መምርሒ ብሃገር ደረጃ ክነውጽእ ምእንቲ ክሕግዘና ምኻኑ ብሰፊሑ ገሊጾም።ንዝመጽእ እንታይ ይገበር? ንዚብል ሕቶ ነቲ ስራሕ ዝከታተል ኣካል ክምዘዝ፣ ናይ ዘሎ ማእከላት ስነመዕበያ ጽቡቕ ጐድኑን ድኽመታቱን ገምጋም ክግበር፣ ንዕዉትን ፍርያምን ስነመዕበያ መጽናዕቲ ተካይዱ፣ መምርሒ ወጺኡ ምትግባር ከምዘድሊ፣ ንእኡ ዝሕግዝ ለበዋታትœውን ክቐርብ ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም ዕዉት ዓውደ መጽናዕቲ ተመንዮም።

ቀጺሎም ብዛዕባ ትሕዝቶ እቲ ሓዲስ መምርሒ (Ratio Fundamentalis) ቀዳማይ ኣስተምህሮ ዘቕረቡ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ሓለቓ ማሕበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ፣ እዚ ሓዲስ ናይ ክህነታዊ ማሕበር መሠረታዊ መደብ ስለምንታይ ከም ዘድለየን እቲ መምርሒ ንክሰናዶ ዝሓለፎ መስርሕን ኣብሪሆም። ኣተሓሒዞም ነቲ ሓፈሻዊ መምርሒታት፣ ክህነታዊ ጸዋዕታ፣ መሰረት ሥነመዕበያ፣ መባእታውን ቀጻልን ሥነ መዕበያ፣ኣርባዕተ መዳያት ሥነመዕበያ፣ ኣካላት ስነመዕበያ ፣ሥርዓተ ትምህርቲ፣ መምርሕን ኣገባብን ኣብ ዘርኣ ክህነት ንዝብል ሸሞንተ ክፋላት ትሕዝቶ ናይቲ ሰነድ በብሓደ ገሊጾም።

ኣባ ኣማኑኤል ኣብ መወዳእታ ነፍሲወከፍ ደረጃ ወይ መልክዕ መዕበያ ዕላማኡ ንልቢ ካህን ናብ ልቢ ኢየሱስ ምቕያርን ምውህሃድን ኢዩ። ንክህነታዊ መዕበያ ማኅበራዊ ሕይወት እዚ ዝበለጸ ሃዋህው ኢዩ። ምስኡœውን ኩሉ ጊዜ ናይ ግብረ ተልእኾ መንፈስ ክህሉ ይግባእ።ኣብ ሥነ መዕበያ ተመሃሮ ጊጉይ ዝኾነ ርድኢት ክህነት ከይህልዎም፣ መማህራን ኪጥንቀቑ ይግባእ። ስለዚ ኣብ ሥነመዕበያ ኩልንትናዊ ዝኾነ መዕበያ ኪወሃብ ይግባእ። እዚ መዕበያœዚ ከኣ ሰብኣዊ



መዕበያ (Human dimension) መንፈሳዊ መዕበያ (Spiritual dimension) ትምህርታዊ መዕበያ (Intellectual dimension) ጉስነታዊ መዕበያ( Pastoral dimension) ዘጠቓልል ምኻኑ ብሰፊሑ ተንቲኖም። ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሎም ሕቶታትœውን ኣብቲ ሰነድ ዝተመርኮሰ ምላሽ ሂቦም።

ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ዝቐረበ ክህነታዊ ኩስኮሳን መዕበያን ዝብል ኣብ ሰነመዕበያ ክህነት ብሓፈሻ ብፍላይ ግን ኣብ ሥርዓተ ግዕዝ እትክተል ቤተክርስትያን ፍሉይ ትኩረት ዘድልዮም መዳያት ስነመዕበያ ዝገልጽ ኣስተምህሮ ኣባ ግርማይ ኣብርሃ (ሲታዊ) ነበረ። ኣባ ግርማይ ብወገኖም ብዛዕባ ኣገዳስነት ኩስኮሳን መዕበያን ኣብ ቤተክርስትያን ሓፈሻዊ መእተዊ ድሕሪ ምግባር ዘርኣ ክህነት ወይ ዘርኣ ምንኩስና ቤት ትምህርቲ ወንጌል¡ ስለ ዝኾነ ነቶም ካብ ዝተፈላለየ ስድራቤት፣ ኅብረተሰብ፣ ኩነታትን ዝመጹ ተኮስኮስቲ ብብቑዓት ኮስኮስቲ ንተመሃሮ ናብ ንክርስቶስ ምልባስ ወይ ምምሳል ዝመርሑም ኪኸውን ኣለዎ ኢሎም። ንናይ ሓዋርያውነት ጉስነት ኩስኮሳ፣ ከምኡœውን ንዝርኣ ጸገማትን ኣሉታዊ ኩነታትን ብነባርን ቀጻልን ኩስኮሳ ክግበር ዘለዎ ፈውስን ኣመልኪቶምœውን ካልእ ሕያዋይ ጓሳ¡ ዝኾኑ፣ ብናይ ክርስቶስ ትምህርቲ ዝተሃንጹ ካህናት ንምፍራይ ዝሰፍሐ ኩስኮሳ የድሊ ዝብል ኣስተምህሮኦም ኣሳቲፎም። ኣብዚœውን መደብ ሕቶን መልስን ተኻይዱ፣ ናይ ዕረፍቲ ግዜ በጺሑ።

ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝቐጸለ መደብ ከኣ ጸሓፍቲ ናይቲ ዕለት ጽማቕ፣ ንናይቲ ኣብ ናይ ንግሆ ክፍለ ግዜ ዝቐረበ ኣስተምህሮታትን ዘተን ኣቕሪቦም። ኣስዒቦም ኣባ ኣብርሃ በኩረ (ካፑቺኒ) ምስቲ ሓዲስ መምርሒ ንህሉው ኩነታት ዝድህስስ ኣብ ተመሃሮ ተቐዋመ ተሎግያ መሕትት ዘርጊሐም ናይ ዝኣከብዎ መጽናዕቲ ጸብጻብ ኣቕሪቦም፣ ቤተክርስትያን ብሉጻት ኮስኮስቲ ከተዳሉ ተላብዮም፣ ሕቶን መልስን ሓፈሻዊ ዘተን ሲዒቡ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ኣባታዊ ምኽሮም ብምሃብ ብጸሎት ነቲ ናይ ምሉእ መዓልቲ መደብ ዛዚሞሞ።



## ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔ ዓለም ገጀረት

ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔዓለም ገጀረት ኣሥመራ፣ ብዕለት 27 ግንቦት 2009 ዓ.ም.ግ (4 ሰነ 2017) ብድሙቕ መንፈሳውነትን ምዕሩግ ኣገባብን ከቢሩ ዊዒሉ፣፣ ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔዓለም ገጀረት ብፁዕ ሊቀጳጳስ ብዙሓት ለባስያን ካህናት፣ ያሬዳውያን ሊቃውንቲ፣ ሰብ ውፉይ ሕይወትን፣ ካብ ቁምስናታት ኣሥመራ ዝመጹ ብዙሓት ነጋድያን ምእመናንን ኣብ ዝተሳተፍሉ ብክብ ዝበለ ስነስርዓት ተባዒሉ፣፣ ኣቐድም ኣቢሉ፣ ምስ መንፈሳውነት ማርያም ግንቦት ተወሃሂዱ ሕዝቢ ብምዉኞ መንፈሳውነት ዝተሳተፎ፣ ናብቲ ዕለቱ ዘቐራርብን መንፈሳዊ ስንቂ ዘስንቕን ብካህናት፣ ደናግል፣ ምእመናን ናይ ታስዕቲ መደብ ኣስተምህሮታትን ምህለላን ጸሎትን ተገብረ፣፣

ብድሮ ያሬዳውያን ሊቃውንቲ፣ ካህናት፣ ተመሃሮ ዘርኣክህነትን ዘርኣ ምንኩስናን ካብ ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ውዕዉዕ ዋዜማ ኣምስዩ፣፣ ንጽባሒቱ ያሬዳውያን መዘምራን ማኅሌት ዘለሊት ካብ ሰዓት 3፣00 ለይቲ ጀሚሩ ክሳዕ ሰዓት 6፣00 ንመድኃኔ ዓለም ብጣዕመ ዜማዊ ቅኔታት ክውድስዎን ከመስግንዎን ሓዲሮም፣ድሕሪ እዚ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ምስ12 ለባስያን ካህናት ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ብጉባሬ ዓሪጉ፣፣ ድሕሪ ቅዳሴ፣ ብጸሎት መቍጸርያ፣ እግዚኦታ፣ መዛሙር፣ ዝተሰነየ ህዱእን ምዕሩግን ሰፊሕ ዑደት ተዓወደ፣፣

ዑደት ብጽቡቕ ተፈጺሙ ሕዝቢ ናብ ቤተክርስትያን ምስ ተመልሰ፣ መዝሙር ያሬዳውያንን መንእሰያትን በብተራ ቀሪቡ፣፣ኣኸቲሎም ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ስብከቶም እተፍቅሩኒ እንተኼንኩምስ ትእዛዛተይ ክትሕልዉ ኢኹም። ኣነ ከኣ ንኣብ ክልምኖ እየ፣ ንሱ ድማ ንዘልዓለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም ኢዩ¡። ዚብል ክፋል ካብ ወንጌል ዮሓንስ ጠቒሶም፣ መንፈስ ቅዱስ መጸናንዒ፣ ጠበቓ፣ መንፈስ ሓቂ ምኻኑ ብሰፊሕ ገሊጾም፤ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና እንተዘይነገሰ ግን ብካልእ መንፈስ ማለት ትዕቢት፣ ሓሶት፣ ሃኬት ኢዩ ዝትካእ፣ ስለዚ እቲ ማሕደር፣ ቅ.ሥላሴ ልብና ብካልእ ከይውረስ ንኩሉ ኃጢኣትን ክፍኣትን ኣውጽእና ብሃብታት መንፈስ ቅዱስ ክንምላእ የድልየና ኢሎም።

ቀጺሎም ነቲ ኢየሱስ ንድኻታት ከበሥሮም ስለዝቐብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፣ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕውራት ምርኣይ ንግፉዓት ምውፃእ ሓራ ከበሥር፣ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኺኒ¡።ዝብል ጠቂሶም፣ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ መጸናኒዕናን፣ ኣብ ጐድንና ኮይኑ ዝጣበቐልናን ጥራሕ ዘይኮነ፣፣ንኩሉ ሕይወትናን ተልእኮናንœውን ኃይሊ ዝህበናን ከምቲ ኣብ ቅዳሴ ሃበነ ንኅበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ¡ እናበልና እንጽልዮ ዘኅብረናን ንሱ ኢዩ። ኣብ ግምቢ ባቢሎን ደቂ ኖህ ብትዕቢቶም ብቛንቛ ምርድዳእ ሲኢኖም፣ ኣብ ጰራቅሊጦስ ግን በንጻሩ ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ፣መንፈስ ኅብረት ስለ ዝኾነ እቶም ዝተፈላለዩ ባህልን ቛንቛ ዝነበሮም ሕዝቢ ሓዋርያት ክዛረቡ ከለው ብሓደ ቛንቛን ሰሚዖምዎም። ነቲ ተፍቕሩኒ እንተ ኮይንኩም ትእዛዛተይ ሓልዉ¡ ዝብልœውን መንፈስ ቅዱስ እንተ ዘይሓጊዙና ትእዛዛቱ ክንሕሉ ኣይንኽእልን ኢና። ሎሚ ቤተክርስትያን ዝተወለደትሉን ናይ ብቤተክርስትያን ስብከተ ወንጌል ዝተመረቐሉን መዓልቲ ኢዩ።በዚ መዓልቲœዚ መድኅኔዓለም ዝህበና መልእኽቲ ከኣ መጀመርያ ጸሎት ክንፈቱ ኢዩ።
መንፈስ ቅዱስ ብዘይግለጽ እህህታ¡ ስለ ዝጽልየልና፣ ምስጢራት ብጽቡቕ ክቕበል፣ ቅዳሴ ብዝግባእ ክሳተፍ፣ ብዝግባእ ክናዘዝ ሓግዘኒ፣ ንጹሕ መንፈስ ፍጠረለይ¡ እናበልና ክንልምኖ፣ ካልኣይ ንመድኃኔዓለም ክንልምኖ ዘሎና፣ ኣምሰሉ ሕይወት ሒዝና ከይንመላለስ፣ መንፈስ ሓቂ፣ ኣብ ሕይወትና ክነግስ፣ ሣልሳይ ሎሚ ንመድኅኔዓለም ክንልምኖ ዘሎና ከኣ ንመንፈስ ቅዱስ ክንሰምዕ፣ መንፈስ ተኣዝዞ ክህበና ፣ከምኡœውን ራብዓይ ኣብ ስድራና፣ ኣብ ቁምስናና፣ ኣብ ሰበኻና፣ መንፈስ ኅብረት ሃበና እናበልና ንለምኖ። ከምቲ ቅዱስ መንፈስ ዘሎ፣ ዘይቅዱስ መንፈስ ከኣ ኣሎ። እዚ ከኣ መንፈስ ሰይጣን፣ መንፈስ ጋኔን፣መንፈስ ትዕቢትን ሓሶትን ሃኬትን ኢዩ። ዲያብሎስ ቃል ንቃሉ ዘሪጋ¡ ማለት ኢዩ። ዲያብሎስ ከኣ መንፈስ ምፍልላይን ጽልእን ኢዩ ዝዘርእ። ነዚ ግን ዕድል ክንህቦ የብልናን። ብእኡ ከይንሽነፍ ክነውግዶ ዝግባእና ከኣ ፍርሒ፣ ዋሕዲ እምነት፣ ዋሕዲ ፍልጠትን፣ ዘይጠቕም ረብሓን ኢዩ። ስለዚ ክርስቶስ ብኣይ እመኑ ኣይትፍርሑ¡ ስለዝበለና መድኃኔዓለም ምሳይ ከሎ እንታይ ከይኸውን¡ ብዝብል ትብዓትን እምነትን ክንነብር ኣሎና፣ ብምባል ኣተሓሳሲቦም ሰላምን ራህዋን ተመንዮም ናይ ዕለቱ ቃል ኣምላኽ ዛዚሞም፣፣ ብእግዚኦታን ቡራኬን መደብ በዓል ተፈጸመ።

## ሓዋርያዊ ምብጻሕ
## ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ኣብ ማይምነን እንዳጊርዮጊስን

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ብሊቀካህናት መንደፈራ ኣባ ኮኾበ ተወልደ ተሰንዮም፣ ነተን ኣብ ርሑቕን ጽንኩር ቦታታትን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ሓዋርያዊ ስራሕ ተዋፊረን ዘለዋ ደናግል ደቂ ፍቕሪ፣ ንዘካይድኦ ዘለዋ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ሓዋርያዊ ስራሕ ንምክትታልን ንምትብባዕን ብ13-14 ሰነ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታኣን፣ ዞባ ደቡብ እንዳጊዮርጊስን ማይምነን ሓዋርያዊ ምብጻሕ ኣካይዶም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ሰሉስ 13 ሰነ እንዳጊዮርጊን ምስ በጽሑ፣ ነቲ ብደናግል ዝኻየድ ስራሓት መዋዕለ ሕጻናት፣ ምዕባለ ደቀንስትዮ፣ ማእከል መንእሰያትን ድሕሪ ምዕዛብ እምነት ካብ ምስማዕ እያ¡ (ሮሜ.10.17) ዝብል ኣስተምህሮ ሂቦምወን። በቲ ኩሉ ዝገበርኦ ውፉይ ሓዋርያዊ ስራሓት ከኣ ኣመስጊኖም፣ ኣተባቢዖም ጉዕዞኦም ንማይምነ ቀጺሎም።

ኣብ ማይምነ ምስ በጽሑ ከኣ ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ምስተን ኣብ ማይምነ ኣብ ኣገልግሎት ድኻታትን ሕሙማትን ፣መዋዕለ ሕጻናት፣ ደቀንስትዮ ብዝተፈላላየ ኣደ ጥበብ ዝስልጥናሉ ምዕባለ ደቀንስትዮ፣ ክንክን ጥዕና ኣደን ሕጻንን (ሕክምና መወለዳን) ተኣለይቲ ሕሙማት ኤችይቪ ኣይድስ፣ ኩስኮሳ መንእሰያት (ማእከል መንእሰያት) ብዛዕባœዚ ኩሉ ዚወሃብ ዘሎ ኣገልግሎታትን ኩነታት ስራሕ ብሓፈሻን ኣኼባ ኣካይዶም። ነቲ ኩሉ ዘተባብዕ ስራሓትœውን ብኣካል ተዓዚቦም።

ንጽባሒቱ ድማ ምእንቲ እዘን ደናግልን ዝህብኦ ዘለዋ ኣገልግሎታትን፣ ደናግልን ምእመናንን ዝተሳተፍዎ፣ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪጐም። ኣብዚœውን ንደናግል እቲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ¡ (ሮሜ 10፣17) ዝብል ኣስተምህሮ ሂቦም ነሥመራ ተመሊሶም። ኣማስያኦም መወዳእታ ዕለት ናይ ወርሒ ግንቦት ብምንባሩ ነቲ ኣብ ቁምስናኦም ርእስ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ዝግበር መደብ ብምስታፍ ብምህለላን ዑደትን ዛዚሞም።

## ክብረ በዓል ቅ. ኣንጠንዮስ ገባሬ ተኣምር

ዓመታዊ ክብረ በዓል ሕዝባዊ ቅዱስ፡ ቅዱስ ኣንጠንዮስ ድሕሪœቲ ካብ መጋቢት ጀሚሩ ኪካየድ ዝጸንሐ ናይ 13 ሰሉስ፡ ምንጋድን ምሕጻብ ማይ ጸሎትን እዚ ቅዱስ ደብሪ ንመቐራረቢ ጸሎት ታስዕትን ናይ ድሮ ዋዜማን፡ ናይ ዕለቱ ሥርዓተ በዓልን ብጽቡቕ ኣገባብ ተፈጺሙ። ኣብ ዕለቱ ሰሉስ